# ቅዋም ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

## ዕዉት ምንቅስቓስ ብዕምቈት ምህዳስ ንጭቡጥ ተግባራዊ ኣፈፃፀማ ዃለ መዳያውነት



መበል 42 ዓመት ፲፩ ለካቲት ፍሉይ ዝገብሮ ብዕምቈት ብምህዳስ ንመድረኻዊ ተልእኾና ንብቃዕ ብዝብል ቴማ ዝተጀመረ ምንቅስቓስ ተሓድሶ ብምዕዋት ንዝተማልአን ብልጫ ንዘለዎም ሽቶታት ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳርን ኣብ ዝካየድ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ምብዓሉ ፍሉይ ይገብሮ፡፡ ነዛ ብመስዋእትን ምጉዳል ኣካልን ሓያል ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን መሪሕ ውድብን ካብ ብሄራዊ ዕብለላን ወፅዓን ዝነበረሉ ፀልማት ዘበን ተናጊፍና ናብ ሰላም፣ ልምዓትን ዴሞክራስን ዓወታት ዝተሰጋገርናላ ዕለት ካብ ዝዕጅቡ ዓበይቲ ስራሕቲ ልምዓት ውሽጢ፣ ዓለም ሕዚ ዝተረድኦን ህዝቢ ትግራይ ኣቐዲሙ ዝጀመሮን መዘውር ሓምለዋይ ልምዓት ዝኾነ ዕቀባ ሓመድን ማይን ይርከቦ፡፡

እዚ ንሓሙሽተ መዓልቲ ሰማእታት ስዒቡ ፩ ለካቲት ዝጅመር ስሩዕ ምንቅስቓስ ዕቀባ ሓመድን ማይን ከምቲ ንዅሎም ዓውድታት መበገሲ ተመክሮ ልምዓታዊ ሰራዊት ዝኾነ ዂሉ፣ ኣብዚ ጉዕዞ ብዕምቈት ምሕዳስ ፍሉይ ትዅረት ዝግበረሉ ስራሕ ፈጠራ ፕሮጀክትታት መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ዝበለፀ ምቹው ኩነታት ብዝፈጥር ኣገባብ ይፍፀም፡፡ በዚ መሰረት ድማ ተፋሰስ ልምዓት መሰረት ዝገበረ ቅድም ኢሎም ናብ መናእሰይ ዝተሰጋገሩን ተጠቀምቲ ተነፂሮም በዓል ዋና እዚ ወፍሪ ብምፍጣር ናብ ዝተማልአ ተጠቃምነት ይሰጋገሩ፡፡ ተወሳኺ መቐሎ ጎቦን ጉህምን ፣ልምዓት ጠረጴዛዊ ዛላ ፣ልምዓት ሃፍቲ እንስሳን ካልኦት ንመናእሰይ ፈጠራ ስራሕ ክውዕል ብምግባር ድማ በቢእዋኑ ዘልማዕናዮም ጎቦታት ናብ ኢኮኖሚያዊ ረብሓ ብዝልዓለ ብርኪ ክሰጋገሩ ዝዓለመ ወፍሪ ዕቀባ ማይን ሓመድን ክካየድ እዩ፡፡ ኣብዚ ወፍሪ ንናይ ከባቢኡ ስነ ምህዳር መሰረት ዝገበረ ምትእትታው ፍራምረ፣ ኣግራባትን ምግቢ እንስሳን ማእኸል ክግበር እዩ፡፡

ወርሒ ለካቲት ድሙቓት ዓወታት ዝዕመመላ ወርሒ ብምዃና ንኩለ መዳያውነት ህዝብና ብዝጀመሮ ምንቅስቓስ መሰረት ጎና ጎኑ ዕቀባ ሓመድን ማይን ዝተጀመረ ባህሊ ምዕቛርን ምምላስ ልቓሕን ከምኡውን ካልኣይ ዙር ልምዓት መስኖ ኣብ ቀዳማይ ዙር ንዝጎዳደሉና ብዘከሓሕስ ኣገባብ ይፍፀም፡፡ ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን ነቶም ቅድም ኢሎም ዝተተኸሉ ፈልስታት ክንክን ዝግበረሉን እውን ይኸውን፡፡ ካብዙይ ብተወሳኺ ከከም ስነ ምህዳር ከባቢታት ትግራይ ንሓምለዋይ ልምዓት ዝፃብኡ ተፈጥሯውን ሰብ ሰራሕ ሽግራት ክውገዱ ብፍላይ ብርሰት ኣግራብ ጠጠው ንምባል ዝተጀመረ ምንቅስቓስ ብዓወት ክዛዘም፣ በለስ ጠቕሊሉ ኣብ ዝጠፍኣሉ ከባቢታት ገልዒ በለስ ብመስመር ዝትከለሉ ኩነታትውን ምስ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ብምዃን ክፍፀም እዩ፡፡

እዚ ኣብ ገጠር ዝካየድ ይኹን ኣብ ከተማታት ዝተሓንፀፁ ፕሮጀክትታት ፈጠራ ስራሕ መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ብብቑዕ ኣሰራርሓ ንግዲ ትልሚ ኣውፂኦም ብውነ ክኣትዉ ንምግባር ዘኽእል ኮንፈረንስ መናእሰይ ብኣማኢት ኣሽሓት ተጠቀምቲ ኣሳቲፉ ናብ ተግባር ዝእተወሉ ወርሕውን እዩ ወርሒ ለካቲት፡፡ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እቲ ብሃገር ብርኪ ካብ ዝተመደበ ተዘዋዋሪ ልቓሕ ብልዕሊ ሰለስተ ዕፅፊ ዝዓቢ ብዓይነትን መሳርሕን 3 ቢልዮን ብር ዝኣክል ልቓሕ ብምምችቻው እቲ ቀረብ ኣዝዩ ክሰፍሕ ገይሩ ኣሎ፡፡ ቅድመ ምድላዋት ኣድለይት ዝኾኑ ስልጠናን መስርሒ ቦታን ብምዝዛም ናብ ስራሕ ክኣትው ብምግባር በቢብርኩ ዘሎ ኣመራርሓ ዝካየዶ ዕዉት ምንቅስቓስ ብዕምቈት ምሕዳስ ንጭቡጥ ተግባራዊ ኣፈፃፅማ ኹለ መዳያውነት ከውዕሎ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እንትፅውዕ መናእሰይና ነቲ ዝተፈጠረ ምችው ኩነታት ፀንቂቕም ብምጥቃም ኣብ ቃልሲ ፀረ ድኽነት ህያብ ዓወታት 11 ለካቲት ከምዝደግምዎ ብምትእምማን እዩ፡፡